# ኣብ መበል 25 ዓመት ፌስቲቫል ካስል
# ዝቐረበ ግጥምታትን ጽሑፋትን።

ክቡር ህዝበይ ርኢቶይ ክገልጽ ኣፍቅዱለይ።
ኣብ ስምምዕ ክንበጽሕ ኣቐዲምና ቃልና ንወሃሃብ።
ሓድሕድ ምክሳስ ብስዉኣት ምሒልና ሕጂ ንግደፎ።

ንሕናን ሕዝብናን ክንድሕን ንሕና ክንልወጥ ግድን ኢዩ
ንኹልና ዝልውጥና ይቕረ ይቕረ ጥራሕ ኢዩ
እዚ ዋዕላና ሓዲሽ ተርእዮ ክንፈጥረሉ ብትሕትና ይሓትት
ንሕና ኣብዚ ዋዕላና ምስ ነብሲና ክንዕረቕ ኣቐዲመ የማሕጽን
ንሕና ኣብዚ ዋዕላና ኩልና ይቕረ ይቕረ ንበሃሃል
ብይቕረ ብይቕረ ኢና ንስንኩል ንድብሶ
ብይቕረ ይቕረ ኢና መንፈስናን መንፈስ ስዉኣትናን ነቕስኖ።

እዚ ናይ መበል 25 ብሩራዊ ዓመትና ነስተማ
ብዙሕ ክቡር ህይወት ከፊልናሉ ኢና
ኣብዚ ብሩራዊ ዋዕላና ብሕብረትና ብፍቕርና ንህዝብና ንኽሓሶ

ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ሃገራዊ ዋዕላ ይግበር ኣሎ።

ንሕና'ውን ቅኑዕ መንፈስ ኣራኺቡና ዋዕላና ንገብር ኣሎና
ኩልና ብሓዲሽ ሓሳባት ንመጻኢ ንጠምት
ብይቕረ ይቕረ ሕጂ ከመቕጽበት ንሕበር ንፋቐር።

ካብ ህሉፍ ተሞክሮና ንሰናበት፣ ንሓዲሽ ተሞክሮ ንበገስ።

ናይ ሕጂ ሂይወትና ነስተማቕራ
ንደቅና ንሃቦም ሓደራ።

ንደቅና ሰላም ከነውርሶም
ንደቅና ፍቕሪ ከነውርሶም
ብይቕረታ ሕጂ ነእምኖም።

ነቓፍን ተነቃፍን የብልናን
ከሳሲ ተከሳሲ የብልናን
ይቕረ ንግበር ንምትእምማን።

ሕጂ ህይወት ነስተማቕር
ኣብ ፍቕሪ ብሰላም ኽነብር

ስንኩል ክንክሕሶ
ስዉእ ከነረስርሶ
ብይቕረታ ሕጂ ንደብሶ።

ስዉእ ኣብ ሰማይ ይነብር
ብይቕረታ ፍቕሪ የስተማቕር

ይቕረታ ኣብ ኩሉ መዓላ
ይቕረታ ስንኩል ይነብረላ

ስንኩላትና ብይቕረታ ይከሓሱ
ስዉኣትና ብፍቕርና ይደበሱ

ይቕረታ መንፈስና ተሔድሳ
ይቕረታ ንልቢ ተረስርሳ

ነቲ ንሓልሞ ፍቕርን ሰላም ኣምላኽ ውዓልዎ ይበለና
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትናን ስውኣትናን።

ክብረት ይሃበለይ።